# ሓዲሽ ሓበረታ ብዛዕባ ኮሮና

# CORONA

TIGRINJA

ቁጽሪ 18

ጥቅምቲ 2020

## እዚ ለበዳ ኣብ ሽወደን እንደና የስፋፍሕ ኣሎ፡ ሕግታት ምስዓብ ኣገዳሲ ኢዩ።

**ሎሚ ኣብ ብዙሓት ሃገራት ናይ ኤውሮጳ እዚ ለበዳ የስፋሕፍሕ ኣሎ። ዋላ እውን ኣብ ሽወደን ። ክሳብ ሎሚ ግን ኣውራጃ ካልማር ግርም ክኢለሞ ኣለዉ። ንኽይንጥቃዕ ዝያዳ ጥንቁቓት ክንከውን ኣሎና።**

ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ኣብ ኣውራጃ ካልማር ዳርጋ ከም ናይ ኩሎም ካልኦት ኣውራጃታት ማዕረ ብዝሒ መልክፍቲ የብልናን። እዚ ግን ብቐልጡፍ ክቕየር ይኽእል ኢዩ።

" ሓደ ካብ ስድራቤት ናይ ኮሮና(ኮቪድ-19) መርመራ ጌሩ ተለኺፉ እንተጸንሑ : ኩሎም ኣባላት ስድራ ቤቶም ክጸንሑ ኣለዎም። " ትብል ሓኪም ተመሓላለፍቲ ሕማማት ኣውራጃ ካልማር ሊዛ ላበ ሳንደሊን።" እዚ ኣቐዲሙ ናይ ህዝቢ ጥዕና በዓል ስልጣን እዩ ወሲንዎ። ኣድላዩ እንተ ኾይኑ ግና ዝያዳን ዝተረረን ሕግታት ኣብ ምሉእ ወይ ኣብ ገለ ክፋል ናይዚ ኣውራጃ ክመጽእ ይኽእል ኢዩ። " እዚ ካብ 19 ጥዕምቲ ተግባራዊ እዩ።

እዚ ለበዳ ኣብ'ዚ ኣውራጃ ዝያዳ ከስፋሕፍሕ እንተጀሚሩ ናይ ህዝቢ ጥዕና በዓልስልጣንን ሓኪም ተመሓላለፍቲ ሕማማት ናይዚ ኣውራጃን ሓፈሻዊ ከባብያዊ ምሕጽንታታት ሓቢሮም ክቐርቡ ይኽእሉ'ዮም። እዞም ምሕጽንታታት ብዛዕባ ዝተፈላለዩ ነገራት ክኾኑ ይኽእሉ'ዮም።

ንኣብነት ናብ  ንዚ ሕማም ዝተቓልዑ ጉጅለታት ምጋሽ  ወይ ምብጻሕ ምኽልካል ክኸውን ይኽእል'ዩ።

ወይ ከኣ ናብ ቤት መግቢ : ጅም ወይ ካልእ ሰባት ዝእከብሉ ቦታታት ዘይምኻድ ክኸውን ይኽእል ኢዩ።

ወይ'ውን ምሳኻ ምስ ዝነበሩ ሰባት ጥራሕ ምርኻብ ዘፍቅድ ሕግታት ክኸውን ይኽእል።

ሕግታት ኣብ ምልባዕ ናይዚ ለበዳ ክምርኮስ ይክእል።

ዓቕሊ ናይ ግድን ክህልወና ኣለዎ። ብተወሳኺ  ነዚ ቫይረስ ብዝተፈላለየ ኣገባብ ምክልኻል ክንለማመዶ ኣለና።" ለበዳ ኮሮና ነዚ ሕብረተሰብ ንነዊሕ ግዜ ክጸልዎ እዩ።እንተወሓደ ንዝመጽእ ሓደ ዓመት ቀይድታት ክህልዉ'ዮም።"

ይብል ኣብ ናይ ህዝቢ ጥዕና በዓል ስልጣን ላዕለዋይ ሓላፊ ዝኾነ ዮሃን ካርልሶን።

ናይ ህዝቢ ጥዕና በዓል ስልጣን: ብዛዕባ ኮቪድ -19 ብዝተፈላለየ ቋንቋታት

ካሜራ ተሌፎንካ ናብ'ዚ ኮድ ኣቕንዕ። ብድሕሪኡ ናብ ናይ ህዝቢ ጥዕና በዓል ስልጣን ሓበሬታ ክትኣቱ ኢኻ።

**ናይ ሓበሬታ ጽሑፍ ኣኣብ ክልተ ሰሙን**

ኣብ ህጹጽ ኩነታታት ሓቢሮም ዝሰርሑ ኣካላት ኣውራጃ ካልማር ፣እዚ ምትሕብባር ኣብ ሞንጎ ኩለን ኮሙናት ናይዚ ኣውራጃ ፣ምምሕዳር ኣውራጃ ክልማር ፣ዞባ ካልማር፣ኩሎም ኣብዚ ኣውራጃ ዘለዉ ሰበስልጣናትን። ኣብ ህጹጽ ኩነታት ናይዚ ሕብረተሰብ ሓቢርና ንውስንን ንተሓጋገዝን። ሕጂ ብዝተካእለ መጠን ንኩነታታት ኮሮና ክንብድ ንሰርሕ ኣለና።

Krissamverkan Kalmar län

VÄSTERVIKS KOMMUN

facebook.com/krissamverkan.kalmar